# ርእይቶ ንደራሲ ሓዳስ መጽሓፍ: “ሰረት ታሪኽ ጥንታዊት ምድረ-ባሕረጋስ ኤርትራ“ ዶ/ር ኣብርሃ ጳውሎስ

ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን “ሰረት ታሪኽ ጥንታዊት ምድረ-ባሕረጋስ ኤርትራ“ ዘርእስታ ብዶ/ር ኣብርሃ ጳውሎስ ዝተደርሰት መጽሓፍ ብልዑል ኣድህቦን ተገዳስነትን ኣንቢበያ። ኣንቢበ ምስ ወዳእኩዋ ከኣ ቅድሚ ሕጂ ዘይፈልጦ ዝነበርኩ ብዙሕ ሓበሬታ: ካብዛ ሓዳስ መጽሕፍ’ዚኣ ክረኽቦ ክኢለ። እዛ ኣብ ሰረት ታሪኽ ምድረ-ባሕሪ ዝተመርኮሰ ትሕዝቶ ዘለዋ መጽሓፍ’ዚ’ኣ: ነቲ ገና ዓሚቑ ምርምር ዘድልዮ ታሪኽ ምድረ-ባሕረ-ነጋሲ: ከም መበገሲ ክትከውን ከምትበቅዕ ተገንዚበ። ብሓልፊ’ኳድኣ ነቶም ብሕጂ ዝፈርዩን ገና’ውን ፈርዮም ዘለውን ሞያውያን ወይ “ኣርቲስትስ“ ደቂ ኤርትራ: ነቲ ታሪኽ ዓደቡኦም ብዝበለጸን ብዝጸፈፈን ኣገባብ ኣዳልዮም ንህዝቦም መታን ክቕርቡሉ: ኣዛ መጽሃፍ’ዚ’ኣ ዓባይ መወከሲት ኮይና ከተገልግሎም ከም ትኽእል ተረዲኤ። ብፍላይ ከኣ እዛ ሓዳስ መጽሓ’ዚኣ: ነቶም መንግስቲ ህግደፍ ኣደንቍሩ ዘሪዑዎም ዘሎ: ጽባሕ ብጊሓት ተካእቲ-ወለዶ ምድረ-ባሕሪ ዝኾኑ መንእሰያት: ዓቢ ኣስተምህሮ እትህብ’ያ። ነዛ መጽሓፍ’ዚ’ኣ ብግቡእ ኣንተድኣ ተረዲኦም ኣንቢቦማ ከኣ: ታሪኽ መበቈል ዓደብኦም ፈሊጦም: ንመጻኢ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ከይተገርሀን ከይተሃመለን: ካብቲ ቀደም ዝነበሮን ሎሚ ዘለዎን ሃለዋት: ነቒሑ ከምዝነብርን ከምዝምዕብል ክምህሩዎ ይኽእሉ’ዮም።

እዛ መጽሃፍ’ዚ’ኣ ዶ/ር ኣብርሃ ጳውሎስ ንብዙሕ ዓመታት ደኺሙ: ብዙሓት መጻሕፍቲ ገናጺሉ: ብዙሓት ፈላጣት ተወኪሱ: ብዛዕባ መበቈል ህዝቢ ሓበሻ ተማራሚሩን: ባዕላዊ ፍልጠትን ተመኵሮን ኣዋሃሂዱን ዘዳለዋ መጽሓፍ’ያ። ሰረትን መበቈልን ኤርትራውነት መኸተኡን ቃንዴል ኣብሪሃ እትትንትን መጽሓፍ’ያ። ኤርትራውያን በብዓቕሞም ተመራሚሮምን ኣጽኒዖምን ንህዝቢ ኤርትራ ከም’ዚ ዝኣመሰለን: ካብ’ዚ ዝበለጸን መጽሓፍ እንተድኣ ከቕርቡሉ በቒዖም: ህዝቢ ኤርትራ ክድበስ ይኽእል’ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓቂ ተታሊሉን ተደናጊሩን’ዩ ዝነብር ዘሎ። ብርግጽ ከኣ ስኣን ፍልጠት ይጠፍእ ኣሎ ኣንተተባህለ ቃል ኣጋንኖ ኣይኮነን። ቅኑዕ ሓበሬታት ብግቡእ እንተቀሪቡሉ ግና: ጸላእቱን ፈተውቱን ፈሊጡ: ካብ ዝሓለፈ ዘመናት ዝሓሸ ክነብር ክኽእል’ዩ።

ሓቀኛ ታሪኽ ህዝቢ ምድረ-ባሕሪ: ኣብ ጥንታውያን ቦታታት የመንን: ዙላን መጠራን ቍሓይቶን: ደቀ-መሓረ ድንበዛንን: ማዕረባን: ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ዝርከብ ምራራን: ኣብታ ጥንታዊት ከተማ ምድረ-ባሕሪ ድባርዋን ኣኽሱምን ቃሮራን: ስዋኪንን ክሳብ ደቡባዊ ግብጺ ወዘተ….ዘሎ ያናታት ፈናቒልካን ኰዒትካን ክርከብ ይከኣል’ዩ። እዚ ድማ ድሕሪ ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ኣብ ምርምርን መጽናዕትን ዘድህብ: ኣይተ ኢሰያስ ኣደንቍሩ ብዛባ ውግእን-ወረ-ውግእን: ፍርሕን ራዕድን ጥራይ ከምዝሓስብ ገይሩዎ። ነዚ ተገንዚቡ ድማ’ዩ ዶ/ር ኣብርሃ ጳውሎስ: ነዛ መጽሓፍ ኣዚኣ: መበገሲ መጽናዕትናን ምርምርናን ንኽትኮነና ህያብ ኣቕሪቡልና ዘሎ። ትዓወት! ዕድመ ይሃብካ! ኢለ ከኣ በታ ዓቕመይ ሕውነታዊ ሞራል እልግሰሉ።

ርግጽ’ዩ ኣነ ብወገነይ ንዶ/ር ኣብርሃ ጳውሎስ ክንድ’ዚ ዝኣክል መጽሓፍ ታሪኽ (600 ገጽ) ክደርስ ይኽእል’ዩ ዝብል ግምት ኣይነበረንን። መኸንያቱ ከኣ ዶ/ር ኣብርሃ ጳውሎስ <u>ብፍሉይ ታሪኻዊ ምርምርን መጽንዕትን</u> ወይ ሞያ-ሂስቶርያን: ከምኡ’ውን ብዛዕባ መቈልን ሰረትን ዓሌታት ሞያ-ኤትኖሎጊስት: ብዓሚቑ ኣጽኒዑ ዝተመረቐ ፕሮፌሶር ምዃኑ ስለዘይፈልጦ። እሞ ከኣ ብቛንቋ ትግሪኛ: ብብሩህ ኣገባብ ምቕራብ: ከቢድን ፈታንን ከምዝኾውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ንዓይ ከምዝተረዳኣኒ ግና ዶ/ር ኣብርሃ ጳውሎስ: ካብ ካልኦት ብዙሓት ምሁራት ኤርትራውያን: ዝያዳ ስለዝፈልጥ ኮይኑ ኣይኮነን ነዛ መጽሓፍ’ዚ’ኣ ኣዳልዩዋ። ኣንታይ ድኣ ሓቦን ኒሕን ስለዘሓዞ: በታ ዘላቶ ዓቕሚ ንህዝቡ

ንኽፍልጥን ክሕብርን ስለዝጸዓረ ጥራይ እዩ።መዘና ዘይብሉ ድኻም ደኺሙ መዘከርታ ህያብ ንተካኢ ወለዶ ኤርትራ ድማ ኣንሆ ኣበርኪቱ።

ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን መጽናዕትን ሓበሬታን ንምእካብ: ኣዝዩ ልዑል ድኻምን: ሓቦን ጻዕርን ዝሓትት'ዩ። ከምኡ ከምዝኾነ ከኣ: በቶም ንወኸሳ ኢሉ ተንቲኑዎም ዘሎ ብዙሓት መጻሕፍቲ ክርዳኣ ክኢለ። ዶ/ር ኣብርሃ ጻውሎስ ኣብ ምእካብ መጻሕፍተ-ታሪኽን መጽሔታትን: ካብ መርበብ ሓበሬታታት (ኢንተርነት) ሃሰስ ምባልን: ኣዝዩ ልዑል ድኻም ከምዝደኸመ: ዘዋህሎሎ ሓበሬታት ኣዋሃሂዱ ከኣ መጽሓፍ "ሰረት ታሪኽ ጥንታዊት ምድረ-ባሕረጋስ ኤርትራ": ንህዝቢ ኣስተምህሮ ንኽትህብ ኢሉ ኣቕሪቡ። ከማኻ ሓቦ ዘለዎም ደረስቲ ይብዝሑ። ምሁራትና ከኣ ኣብ ክንዲ ብቛንቛ ባዕዳውያን: መጽሓፍቲ ምድላው ብቛንቛ ዓድቦኦም ከዳልዉ እላበዎም።

*መምህር ቀለተ ኣስፍሃ*
20.11.2010 ዓ.ም